ሰኑይ፣ 29 ጥሪ መዓልቲ 2024 ዓ/ም




ኣብ DeKalb County፡ ክልተ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣውራጃ ኣለዋ፥ City Schools of Decaturን DeKalb County School District (DCSD)ን።

DCSD፡ ጥዕና ዚህብን መኣዛውን ምግብታት ኣብ ነፍስወከፍ ናይ ትምህርቲ መዓልቲ ንኹሎም ተማሃሮ ትህብ። ነቲ ዝሕተትዎ ሕሳብ ናይ ምኽፋል ወይ ናይ ምውዳን ዓቕሞም ብዘየገድስ፡ መተካእታ ወይ ኣማራጺ ሜኑ ዘይብሉ ደረጃኡ ዝሓለወ ቍርሲ፡ ምሳሕን ጣዕሞትን ዝኾነ ኣብ መላእ'ተን ዘለዋ ኣብያተ-ትምህርቲ DCSD ንዚርከብ ነፍስወከፍ ተማሃራይ ናይ ምቕራብ ናይ ነዊሕ ግዜ ልምዲ ኣሎ።

ክፍልታት ምግቢ ብሰነድ ከምዚተሓዝ ኮይኑ፣ ስድራቤታት ዝኸፍላኦ ዋጋ ምሳሕ ዚምልከት ሓበሬታታት ሚዛን ክስደደለን እዩ። እቲ ክፍሊታት፡ ኣብ ምሉእ ዓመተ-ትምህርቲ ኪግበር ይከኣል እዩ።

DCSD፡ ናጻን ጒደሎ ዝዋግኡን ምግብታት ንኽረኽቡ ብቑዓት ዝኾነ ተማሃሮ ልዕሊ 82% ኣለዋ። ኣውራጃ፡ ነቲ ዘሎ ሚዛን ክፍሊት ምግቢ ንምጕዳል ወይ ምሉእ ብምሉእ ንምሽፋን፡ መደብ ኣከፋፍላ፡ ገንዘባዊ ሓገዝ ኮም ወይ ፕሮግራማት መንግስቲ ከምዚህሉ ብምግባር፡ ነቲ ዘሎ ውንዙፍ ክፍሊታት ኣብ ምኽፋል ምስ ስድራቤታት ብሕያውነት ንኽትዓዩ ትጽዕር እያ።

ናይ ስጳንኛ ትርጒም ኣብዚ ርኣዩ፥
[https://dekalbschoolsga.blob.core.windows.net/wpcontent/2024/01/Spanish_2024-01-25-DCSD-School-Meals-Charging-Policy-Explained.pdf](https://dekalbschoolsga.blob.core.windows.net/wpcontent/2024/01/Spanish_2024-01-25-DCSD-School-Meals-Charging-Policy-Explained.pdf)

DeKalb County School District

District 6 Town Hall

# ንተማሃሮና ሓለዋ ምግባር

ኣብ ጣውላ ዚግበር ዝርርብ ድሕነት ቤት ትምህርቲ










ሓሙስ
29 የካቲት 2024

ካብ 5:30 ድ.ቐ
ክሳዕ 7:30 ድ.ቐ

**Stone Mountain High School**
4555 Central Drive,
Stone Mountain, GA 30083

**ፍሉያት ኣጋይሽ፥**

ግዝያዊ መኮነን **Larry Wright**

**Darnell Logan**
*ውሑስ ኣብያተ-ትምህርትን ዝምድናታት ተማሃሮን (Safe Schools & Student Relations)*

**Dr. Kishia Towns**
*Chief Wrap Around Services)*

**ኣኣንጋዲ፥**

**Mr. Diijon DaCosta, Sr.**
*ወኪል ቦርድ (ኣውራጃ 6)*




ነታ ብዓይነቱ ሓዳስ ዚኾነት Sequoyah Middle and High School ዜተኮረ ውጥናት ምርኩስ ብምግባር ንሓሙስ፡ 1 የካቲት ሰዓት 6 ድ.ቐ ኣብ Sequoyah Middle School ኣብ ዚካየድ ፍሉይ ኣኼባ ኮማዊ ጽምዶ ተጸንበሩና። መሓዙትኩም፡ ጐሮባብትኹምን ስድራቤትኩምን ተማልኡ።




DCSD 2024 Mix & Mingle (እንግሊዝኛ/ስጳንኛ)

https://www.youtube.com/watch?v=kIv0c6pNlzU




**ድምጽኹም፡ መጻኢና'ዩ**

DeKalb County School District፡ ንስትራተጅያዊ ውጥን 2024-2029 ንምድላው ጉዕዞ ጀሚሩ ኣሎ፣ ስለዚ፡ ኩሎም ተማሃሮና፡ ወለዲ፡ ሰራሕተኛታትን ኣባላት ኮምን ኣብ ራእይ'ተን ዘለዋና ኣብያተ-ትምህርትን ኮምን ቅርጺ ኣብ ምትሓዝ ንኺተሓጋገዙ ንጽውዕ ኣሎና።

ንዳህሳሳዊ መሕተት መሻረኽቲ ስትራተጅያዊ ውጥን ንምውሳድ፡ ብኽብረትኩም ኣብ ታሕቲ ስእሊ ንዘሎ ኮድ QR ስካን ግበሩ ወይ ንhttps://bit.ly/3SdUJq3 ከፈትኩም ርኣዩ።

ብሕብረት ኴንና ንብሉጽነት ንሰርሕ ኣሎና። ናብቲ ዘተ ተጸንበሩ፣ ነቲ ኩልና እንኣምኖ መጻኢ ንህነጽ።



DCSD፡ ኣብ ሓደ ካብቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ክፋላት ትምህርቲ ንኺሳተፉ ንኹሎም ኣባላት ኮም ንዕድም ኣሎና፥ ምጥቃም ግብሪ (tax-dollar spending)።

ኩሉ ህዝቢ፡ ንኣባልነት ኮሚቴ ኣማኽርቲ E-SPLOST (ብዛዕባ ፍሉይ ዝዕላማኡ ኣማራጺ ግብሪ መሸጢ ዚምልከት ትምህርቲ (Education Special-Purpose Local Option Sales Tax)) ንኺመልክት እዕድም ኣለኹ። መመልከቲታት፡ ክሳዕ ዓርቢ፡ 16 የካቲት 2024 ኣብ ዘሎ ግዜ ኪቐርብ ይከኣል እዩ።

ኮሚቴ ኣማኽርቲ E-SPLOST፡ ካብ ዜጋታት ንዝተረኸበ ርእይቶታት የቕርብን ብኣታዊ E-SPLOST ተመዊሉ ብመረጽቲ ፍቓድ ንዝተዋህበ ዝርዝር ፕሮጀክት ድማ ይምርምርን። እዚ ኮሚቴ፡ ኣብ መንጎ DCSDን ኮም ካውንቲ DeKalbን ግሉጽነትን ርክብን ክህሉ ዝብል ሓበራዊ ሽቶ ንዘለዎም ኣባላት ሕብረተሰብ ዘካተተ እዩ።

እቶም ሕጹያት፡ ኣብ ውሽጢ ክልል DCSD ዝቕመጡ ተቐማጦ ኪኾኑ ይግባእ። እዞም ኣባላት፡ ኣብ ቦርድ ትምህርቲ ደካልብ ካውንቲ (DeKalb County Board of Education) ዘለዉ ኣባላት፡ ሰራሕተኛታት DCSD ወይ ካብ ፕሮጀክታት DCSD ዝኾነ ቁጠባዊ ረብሓ ዘለዎም ሰባት ክኾኑ የብሎምን። ተሞክሮ ስነ-ሕሳብ፡ ኣርኪተክቼር፡ ኦዲት፡ ህንጻ፡ ምህንድስና፡ ፋይናንስ፡ ትምህርቲ መዋዕለ ህጻናት-12 ክፍሊ፡ ሕጊ፡ ምድላው ውጥን፡ ምሕደራ ፕሮጀክት ከምኡውን/ወይ ድለላ ኣባይቲ ክህሉ ይድለ።

ብተወሳኺ፡ ሕጹያት፡ ኣብ ወርሓዊ ኣኼባታት ንምስታፍ ካብ ግዚኦም ክልተ ሰዓታት ክህቡ ኪኽእሉ ይግባእ። እዚ ኣኼባታት፡ ኣብ ግዜ ምሸት ብፍሉይ ይካየድ። እቶም ዝተመርጹ ሕጹያት፡ መርመራ ድሕረ-ባይታ ኣብ ዝተኻየደሎም እዋን ክሓልፉን ኣብ ስምምዕ ዘይምቕላዕ ሓበሬታ ድማ ክፍርሙን ይግባእ።

ኣብ ሓደ'ቲ ዝዓበየ ኣውራጃታት ቤት ትምህርቲ ጆርጅያ (Georgia) ብድሕሪ መጋረጃ ኮይንኩም ንኽትሰርሑ ኣብዚ ዓቢ ዕድል'ዚ ንኽተመልከቱ ቀሊል እዩ! ዘለኩም ሓበሬታ ንኽትህቡ፡ ኣብዚ ጠውቑ ።




DCSD 2024 Tech Fair (እንግሊዝኛ/ስጳንኛ)

https://www.youtube.com/watch?v=8I1oeCLvwtk




መምህር Briarlake Elementary School Visual & Media Arts ዝኾነት Dr. Amy Sery፡ ሓንቲ ካብቶም ካብ ኣዳላዊ ኣቕሑ-ገዛ KI ንዝተዋህበ ህያባት ኣቑሑ መምሃሪ ክፍሊ ዝተዓወቱ 12 ሕጹያት ብምኧና እንቛዕ ኣሐጐሰኪ ንብላ።፡ ንDr. Sery ደገፍ ንምሃብን ንኹሎም መንእሰያት ስነጥበኛታት Briarlake ዚኸውን ኣካታቲ ዕድል ኣብ ምፍጣር ንምሕጋዝን፡ ንዲዛይን መምሃሪ ክፍሊ Dr. Sery ድማ ንኽትርእዩን ንኽትመርጽዋን ኣብ ታሕቲ ንዘሎ ሊንክ ጠውቑ። እቲ ምሃብ ድምጺ፡ 31 ጥሪ ከብቅዕ እዩ።

https://www.ki.com/insights/markets/k-12-education/learning-space-design-competition/2024/#eastern




ወለድን መጉዚታትን፡ ነዚ ናጻ ዚኾነት ኣፕሊኬሽን Edulog Parent Portal App ከውርዱ (ዳውንሎድ ኪገብሩ) ምትብባዕ ይግበረሎም። እዛ ኣፕሊኬሽን'ዚኣ፡ ወለድን መጉዚታትን፡ ኣውቶቡስ ውላዶም ኣበይ ከምዘላ ብቕጥታ ንኺከታተሉን ኣውቶቡስ ናብ ፌርማታ፡ ቤት ትምህርቲ ወይ ልሙድ ሓበሬታ ዚውሃበሉ ቦታ ኣብ ዝቐረበትሉ ግዜ እዋናዊ ሓበሬታ ንኺረኽቡን ትገብሮም። ወለድን መጉዚትን፡ ንውላድኩም ዝምልከት ፍሉይ መለለዪ ሓበሬታ ብምምዝጋብ ጥራይ ኣገልግሎት ይረኽቡ። ብዛዕባ'ዛ ኣፕሊኬሽን Edulog ዚምልከት ዝኾነ ሕቶታት ወይ ጸገማት እንተሊኩም፡ ብኽብረትኩም ንመጓዓዝያ ቤት ትምህርቲ (DCSD) ብ(678) 676-1305 ተወከሱ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ጠውቑ።





Battle of the Brigade - Tucker High School

https://www.youtube.com/watch?v=jhNeAdBodQY




ኣብ ዝሓለፉ ኩሎም ሓፈሻዊ ኣኼባታት ቦርድ ትምህርቲ ንዝተገብረ ዝርርብ ንምርኣይ፡ ብኽብረትኩም ኣብዚ ሊንክ ጠውቑ፥
https://www.dekalbschoolsga.org/students/d3-dialogue-with-district-leaders/

ዝተቐርጸ ኣኼባታት ንምርኣይ፡ ብኽብረትኩም ኣብዚ ሊንክ ጠውቑ፥
https://vod.dekalbschoolsga.org/CablecastPublicSite/gallery/7?channel=1




DCSD Music Matters - Episode 8 - Arabia Mountain HS

https://www.youtube.com/watch?v=FtRoDGbTNS8




ጥሪ፡ ወርሒ ምክልኻል ዘይሕጋዊ ምስግጋር ደቂሰብ ተሰምየ ኣላ። ከም ቤት ትምህርቲ ኣውራጃ መጠን፡ "ኣንጻር ዘይሕጋዊ ምስግጋር ደቂሰብ ክንቃለስ/ጠጠው ከነብሎ ፋናና ክንውልዕ" ኢና። እቲ ዘሎና ጕጅለ ምክልኻል ዘይሕጋዊ ምስግጋር ደቂሰብ፡ ንመምሃራን፡ ወለዲ፡ መሻርኽቲ ኮምን ኩሎም ሰራሕተኛታትናን ዚኸውን ንጥፈታት ኣዳልዩ ኣሎ። ብዛዕባኡ ዝያዳ ንኽትፈልጡ፡ ኣብዚ ጠውቑ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዝተኻየደ መደባት ኮማዊ ሽርክነት (Community Partnerships Mix & Mingle) ንዝተሳተፉ ኩሎም ሰባት ኣመስግን። ኣብቲ ቀንዲ ዘተታት ብምስታፍኩም፡ ኣብቲ ቆራሪ ዝነበረ ለይቲ ከምእንመውቕ ገይርኩሙና ኢኹም። ብዛዕባ'ዚ መደብ'ዚ ዚምልከት ተወሳኺ ስእልታት ንምርኣይ፡ ኣብዚ ጠውቑ።

**ኣብ SCHOOL CHOICE እትምዝገብሉ ግዜ**

**5 ጥሪ - 9 የካቲት 2024**




### ፕሮግራማት

- Career Pathways at Arabia Mountain High School
- Coralwood-Hawthorne Partnership
- Dual Language Immersion
- House Bill 251
- International Baccalaureate (IB)
- Montessori
- Dr. Ronald E. McNair Discovery Learning Academy
- Senate Bill 10
- Special Interest Magnet
- High Achievers Magnet
- Theme

### ኣገደስቲ ዕለታት

- 5 ጥሪ 2024 - ምዝገባ ይኸፈት
- 9 የካቲት 2024 - ምዝገባ ይዕጾ
- 29 መጋቢት 2024 - ውጽኢት ዕጫ ይዝርጋሕ
- 1 ሚያዝያ 2024 - ድንኲይ መመልከቲ ይቐርብ
- 30 ነሓሰ 2024 - ናይ መወዳእታ መዓልቲ ምደባ

### ዘድሊ ሰነዳት

- ቍጽሪ መንነት ተማሃራይ DCSD
- መረጋገጺ ልደት
- መረጋገጺ ነባርነት
- ናይ ቀውዒ 2023 ወረቐት ጸብጻብ

### ተወሳኺ ሰነዳት

- ውጽኢት MAP
- መመልከቲ ኦዲሽን (Audition)
- መመልከቲ IB
- መመልከቲ Arabia Magnet

### DCSD SCHOOL CHOICE

DeKalb County School District፡ ኣብ ዝተፈላለየ ፕሮግራም School Choice ኣብ ዕጫ መታን ኪኣትዉ ኣብቲ ዝተኸፍተ ናይ ምዝገባ ግዜ ንኸመልከቱ፡ ነቶም ኣብ DeKalb County ዝቕመጡ ዘለዉ ስድራቤታት መርሓባ ንብል። እቲ ዕድላት፡ ንHigh Achievers Magnet፡ International Baccalaureate፡ Dual Language Immersionን Themeን ዜጠቓልል ዝተፈላለየ እዩ። ምርጫ ዕጫ፡ ኣብ ሳልሳይ ሰሙና ናይ መጋቢት ኪካየድ እዩ። ስድራቤታት፡ ኣብዚ ከመልክቱ ይኽእሉ፥ WWW.DEKALBSCHOOLSGA.ORG/SCHOOL-CHOICE/

ምዝገባ ናይ School Choice፡ 9 የካቲት የብቅዕ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ጠውቑ።




Episode 7 – DCSD Distrito Escolar De DeKalb Te Escucha

https://www.youtube.com/watch?v=puL0Xzr1mGM

TIGRINYA

# ድርብ ምዝገባ

DeKalb County School District



ፕሮግራም ድርብ ምዝገባ ጆርጅያ (Georgia’s Dual Enrollment Program)፡ ዲፕሎማ ካልኣይ ደረጃ ንምምጻእ እናተማሃሩ ከለዉ ናይ ኮሌጅ ክረዲት ኪረኽብሉ ዚኽእሉ ዕድል ንብቑዓት ተማሃሮ ክፍልታት 10-12 ይኸፍት።

ናይ ኮሌጅ ክረዲት
ኣብዚ ግዜ'ዚ ርኸቡ

ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ጠውቑ

ዝታዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንኣማኻሪ ቤት ትምህርትኹም ተወከሱ




ኣብ መንሹር ንዘሎ ኮድ QR ስካን ብምግባር ወይ ኣብ https://bit.ly/3hvkfrg ከፊትኩም ብምርኣይ ሕጂ ኣመልክቱ።

TIGRINYA

# Disrupting for Excellence

**(ንብሉጽነት ምልዕዓል)**

# ንጋዜጣ ዋና-ኣማሓደርቲ ኣንቢብኩም ትፈልጡ'ዶ፧




## ብኸምዚ መገዲ ክትረኽብዎ ትኽእሉ!

- Social Media @dekalbschools
- መሰንጀር ቤት ትምህርቲ
- መርበብ-ሓበሬታ (ኣውራጃን ቤት ትምህርትን)
- NewsFlash
- Mail Chimp

ንኽትምዝገቡ፡ ንኮድ QR ስካን ግበሩ

DeKalb County School District

Disrupting for Excellence

(ንብሉጽነት ምልዕዓል)



# ካብቲ ዳግማይ ውሳኔ ዝተዋህበ መዲከይድ (Medicaid) ሓገዝ ርኸቡ

ኣባላትን ኮማትን Georgia's Medicaid and PeachCare for Kids®፡ ካብ ሚያዝያ 2023 ክሳዕ ግንቦት 2024 ኣብ ዘሎ ግዜ ናይ ብቕዓት ፈተሻታት ንኽገብሩ ዘዳልዎም ሓጋዚ ጽሑፋት ኣብዚ ይርከብ።

DeKalb County School District

https://www.dekalbschoolsga.org

https://www.dekalbschoolsga.org/students/medicaid-redetermination-are-you-still-covered/

https://www.dekalbschoolsga.org/students/medicaid-redetermination-are-you-still-covered/